ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣብራሃም ነጋሲ መግለጺ ሐዘን

ሰብ ኣለዋ እዛ ሃገር, ከም ስርዓተ ሃይለ ስላሴ ደርጊ, ኣርዑት ጭፍራ ህግደፍ ክሰብር, ሕድሪ ኣሎና ናይ ቀዳሞት ዳሕረዎት, ጀጋኑ ሰዉኣት ደቂ ሃገር,,



ኣብራሃም ኣኺላ ዶ መዓልቲ
ጸልማት ከላ ከይበርሀት ለይቲ
በብሐደ ሐሊፎም ተቃለስቲ,

ሐርበኛ ኣብራሃም ነጋሲ
ትማሊ ንነጻነት ኣብ ቃልሲ
ሎሚ ንሐርነት ንደሞክራሲ
ከይዓረፈት ሐሊፉ ነብሲ,

ንተጋደልቲ ጀብሃ ንምጽላም
ንወደቦይ ነጋሲ ኣብራሃም
ንጸረ ገድሊ ምስ ኣርዓዶም
ንጻለመ ዘይሞም ሲሒሎም
ብተወልዋላይ ዘይቲ ከድህሉ ፈቲኖም
ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብኣሉታ ዛዚሞም,

ኣብራሃም ኣብ ቃልሲ ታሪኽ ገዲፍካ
መስኪሮም እዮም ናይ ዕላማ ብጻትካ
ጸረ ገድሊ ፈሺሎም ኣብ ቅትለትካ,

ደቂ ኤረ ወዲ ሰብ ኣይኮነን ነባሪ
ገለ ባሉታ ገለ ብኣወንታ ተዘካሪ

ጅግንነት ኣብራሃም ነጋሲ ንገሪ
ስርሒት ደቀምሓረ መስከሪ,

ኣብ መንገ ኣሐት ሐዊ ምስ ኣጎዱ
ሃገራዊ ራኢ ዘለዎም ምስ ተሰደዱ
ዱጉል ዕላማ ዘለዎ ቴምቤናይ ሰዊዱ,

ምስ ኣለለዮም ጅግና ወዲ ዓሊ
ኤርትራ ንኤርትራዊያን በሃሊ
ጸረ ገድሊ ገንሸል ገሮም ትማሊ,

ድሕሪ ተሐሌ ኩሉ ኮንቱ
ዕላማ ኣለዋሃ ምላሽ ተዓዊቱ
ህዝቢ ኤርትራ ተዘሚቱ
ካብ 81 ታሪኽ ኣንፈቱ ስሒቱ,

መንዩ ዑፉን ሽፉን
ኣብ ምፍልላይና ጋኔን
ዝያዳና ኤርትራዊ ዝኸውን,

ንተጋደልቲ ተሐሌ ንበር ክላቦ
ነንነብስና ንሕተት ከይበረሰ ዓደቦ
ምስ ተጠርኒፍና ኢና ክንዲ ጎቦ,

ሑሉፍ ተመኩሮና ዩኒቨርስቲ ዩ ባዕሉ
ተመኩሮና ንድሕነት ህዝቢ ንጠቐመሉ
ታሪኽና ነበረ ያ ነበረ ከይገብርዎ ትኺሉ,

ኤርትራ ንኤርትራዊያን ኢልና ንሜዳ ዝወጻና, ናይ ጌጋ ጌጋ መዓልቲ ንተሐሌ ምኽሳርና, ውጽኢቱ ሕጂ ይኸፍሎ ሎ ህዝብና, ንነብሲ ሄር ኣብራሃም ነጋሲ መንግስተ ሰማይ, ንህሉውት ጠሊ ጽንዓት ያሃብኩም, ንብል ደለይቲ ፍትሒ መቃልስቲ ኣቦኹም,,

ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና, ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ, ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን፡፡
ብሸም ዋዕሮታትን ሐርበኛታትን, ገጣሚ በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን፡፡